# ቅሰን ኣብ ዘለካዮ እንስፐክተር ያቆብ

ካብ፡ ዑቕባኣብ ገ/ሔር



Jacob Desta
1917 - 2005

ስለ ንክብሪ እንስፐክቶር ያቆብ ደስታ።
ወየ...ወየ....ወየ ንቒልካዶ ወዲ ደስታ ሕጹብ ከም ቢላጦስ፡፡
ግዜን መዓልቱን ምስ ኣከለስ ክሉድኣ ይፍደስ፡፡
ምስ ኣስላማይ ክስታናይ ኔርካ ዝጎደለ እናበካ ሃሰስ፡፡

በሊሕ መስተውዓሊ ንህዝቡን ሃገሩን ኣጣሚሩ ዝሓቑፍ።
ምስ ጣልያን ኣንግሊዝ ተወዳዲሩ ከምኡውን ምስ ኣምሓራ ፡
ብዘይካ ንህዝቡ ምስትምሃር ዘይፈልጥ ሻራ።
መን ከይህሉ ካብ ምዕዶካ ዘይቀሰመ ኣብኤሪትራ፡
ብሓቅን ብፍልጠትን ትከይድ ዘይትፈቱ ጉራ።
ወየ....ወየ---------ወየ ወረካዶ ሰሚያም ኩሎም በኣካ፡
ተማሂሮም ዝማዕበሉ።
ትምህርቶም ወዲኦም ድያቆናት ፕረፈሰር ዘበሉ።

ወየ....ወየ ....... ወየ ወገነይ ወገንካ ዘይፈልጥ ንኩሉ ብሓንሳብ ምሂሩ ኣጣሚሩ።
ወየ...ወየ --------ወየ  ወድ ደስታ ሓየት ብሓየቱ፡
ሓዊ ኣምለሰት ሓየት ብሓየቱ፡
ሓዊ ተስፋማርያም ሓየት ብሓየቱ፡
ሓዊ ዑቕባገብሪኤል ሓየት ብሓየቱ፡
ሓዊ ሃይለማርያም ሓየት ብሓየቱ፡
ሓዊ ፍስሓጼን እወ ሓየት ብሓየቱ፡
ወደከለ ጽንዓደግለ ምስናይ ባሕሩ፡
መምህር መማህራን ናይ ቀደም ናይ ጥንቲ ናይ ሓዋሩ፡
ወገነይ ወገንካ ዘይፈልጥ ንኩሉ ብሓንሳብ ምሂሩ ኣጣሚሩ።
ወየ...ወየ......ወየ እንስፐክተረ ክወስደካ ብወገን እንዳኖካ.

ወዲ ጣዕሙ ጓልዞም ዓበይቲ፡
ወዲ ለተጌርግስ ጓልዞም ዓበይቲ፡
ወዲ ለተንጉስ ጓልዞም ዓበይቲ.
ወዲ ገረመስቀል ወድዞም ዓበይቲ ሰላጥንቲ.

ወዲ ኮነሬል ኣድሓኖም ወዲ ጅግና ወዲ ዞምዓበይቲ፥
ወዲ ሃብተማርያም ጅግና ወድዙም ዓበይቲ.
ወዳ ቅድሳን ወድዞም ዓበይቲ.
ወዲ ምዕራፍ ወድዞም ዓበይቲ.
ደቂሑኦም ነሬን ምስሓራምዝ ዝሰትያ ብንጎቲኣምላክ ዝመረጾም ዓንገቲ ውጹዓት ብኡነቲ።

ወየ......ወየ...ወየ እንስፐክተረ ክወስደካ ብወገን ኣባይካ፥
ወዲ ወይዘሮ ጣዕሙ ጋል ተስፋጊርግስ ወዲ ወልደሓርያ፥
ወዲ ምሕረት ጓል ተስፋጊርግስ ወዲ ወልደሓርያ፥
ወዲ ኣቶ ወልደገብሪኤል ወዲ ተስፈጊርግስ ወዲ ወልደሓርያ፥
ወዲ ኣቶ ቀላቲ ወዲ ወልደሓርያ፥
ወደባ ዑቅባዝጊ ወዲ ተስፋጊርግስ ወዲ ወልደሓርያ.
በእላፋት ዝቂጸራ ኣሑኦም ብጓሳ ዝጓሰያ፥
መውስቦ እንዳቀላተ ኩሉ ዝምነያ፥፥

መዓቲ ኣኪሉ ካብ ነቀልካ፥
ስጋካ እቀበር እንበር ሞያካስ ክነብርዩ ምሳና.
ምዕዶካን ምህሮካን ኩቶ ኣይክለቅቅንዩ ካብ ውሽጢ ልብና,።
ንቅሎ ኣንካብ ኮነ ንሓዋሩ፥
ክንመጻካ እንበር ንስካ ዘይትምለሰሉ.
እግዝኢትነ ማርያም ምስ ወዳ ትቀበልካ ኣብ ገነታ ኣብ መስቀሉ።
ንብምሉኣት ቤተሰብ እንስፐክተር ያቆ፥ ንደቁን ኣሕዋቱ ኣብ ወጻእን ኣብ ሃገርን ዘለኩም ጽንዓት ይሃብኩም ራሕሲ ይግደፈልና።
ካብ ዑቅባኣብ ገረዝጊሄር ምስ ስድራ ቤቱ ስዊዘርላንድ ።

This document is published in www.Mekaleh-Eritra.Org on 4 März 2005- All rights reserved © Mekaleh-Eritra.Org - For updates or further information please write to info-Office@mekaleh-eritra.org